# መዝገብ ኣባላት ኣትማን ውሻጠ:
# ጸብርን ቀብርን: መካይድቲ ኣይኮነን!!!

ህዝቢ ኤርትራ ንዝተጠናነገ ሰግለለት መግዛእቲ ንኽገልህን! ክስዕርን! ክንደይ ዋጋ ከፊሉ ባዕሉ ነዚ ክቡር ዋጋ እዚ ዝኸፈለ ህዝቢ ኢዩ ዝፈልጦ:: እወ ሕጂ 'ውን ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዕጫን ምርጫን ሪሒቑ ክነብር ኣይኮነን:: ዕጫኡ ኾይኑ እናኽወግሕ ናብ ጽላል ኣፌፊቱ እንዳጠመቱ ዘንቧህቑ: ክለኣኹ 'ምበር ንእንኮ ሻዕ 'ውን ክልእኹ ዘይበቕዑ ጥራይ ዘይኮነ: እምቢ ኣይንለኣኽን እትብል ቓል ንምውጻእ: ኪኖ ጻዕሪ ሕርሲ: ናይ ዕራርቦ ሞት ገይሮም ዝወስድዋ ጎረባብቲ ጠቢቕና ምህላውና: ከም'ቲ ምስ እሾኽ ዓጋም ዝለገበት ቆልቋል እንዳ ነብዐት ትነብር ዝብሃል: ብኣንጻር ንብዓት ቆልቋል: ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ: ክሳብ እቶም ምንቧሃቕም ዘየዕርፉ ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያን: ነባሪ ፖለቲካውን ቁጠባውን ወትሃደራውን ስትራተጂ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን: ጎጣዩ ኣመለካኽታ ስትራተጂኦም ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ሉኡላዊት ሃገረ ኤርትራን: ትኪ ትብዓት ሰኒቕና ንኹሉ ክገጥመና ዝኽእል ተጻብኦ መኪትና ከም እንስዕሮ: እቶም ንባዕሎም ኣብ ዝኸርደደ ቐዝሒ ኮይኖም ከነማሙቖኩም ዝብሉና ሰብ ዕንቅርትና: ዝስሕትዎ ኣይኮኑን:: ግዜ መራሺ ኢዩ! "ገመል ኤርትራ: ወይ ሰሓባ! ወይ ሰዓባ!!! ንኺድ ጥራይ!!!!!!!!!!!!!!!!!

ተጻባእትና ብቐርበትን: ብርሕቀትን ዝውርዉሩልና ጠያይትን ቦምባታትን: ንዓወት ዘይተዓደልዎ ኮይኖም 'ምበር ብናይ ፕሮፖጋንዳ ጽሑፋትን: ናይ ዘመና ቴክኖለጂ ዝሃቦም ምዕባሌታት ተጠቒሞም 'ውን: ነቲ ክሳብ ሕጂ ክሰብርዎስ ይትረፍ: ንእሽቶይ 'ውን ነቓዕ ክፈጥርሉ ዘይከኣሉ ሓድነትና: እምነትናን ንምብራዝን: ምጥርጣራትና ንምግፋሕ ዘይፈተንዎ እከይ ተግባራትን: ዘይፈንቀልዎ ውዲታትን: ዘይወደብወን ኣካላትን የለዋን:: ማሕበር ኤርትራውያን ሞያዋያን ሕጊ: ማሕበር ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት: ኤርትራውያን ማሕበር ጋዜጤኛታት ኣብ ግዳም: ማሕበር ብርዒ ኤርትራ: ወ.ዘ.ተ.... ክንደይ ክንብለን: ናይ ኩለን ፈጸምትን ኣተግበርትን: ተግባራቱን ኣባላቱን ኣመልኪትና ሰፊሕ መብርሂ ናብ ህዝብና ከነመሓላልፍ ኢና:: ሰናይ ንባብ ን5ይ ክፋል:-

**ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ)**
**ናይ ፈረንሳ ኣምባሳዶር ኣብ ኤርትራ**
**ኣምባሳዶር ሮገር ኣውኪዩ**



**ግዝያዊ ሚኒስተር ዜና ኤርትራ**
**ዓሊ ዓብዱ**



ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ከባቢ ሚኒስትሪ ዜና ሓደ ሰላሕታዊ ዝርርብ ይካየድ ኣሎ:: ሓድሽ ኣምባሳደር ፈረንሳ ኣብ ኤርትራ ሮገር ኣውኪዩ: ምስ ገለ ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ካዛ ደል ኢታልያ ተቛጺሩ ኣሎ:: ምስ ግዝያዊ ሚኒስተር ዜና ዓሊ ዓብዱን ጋዜጤኛ ተመስገን ደበሳይን:: ኣብ 11 ጥሪ 1956 ዝተወልደ ሮገር ኣውኪዩ: ናይ'ቲ ብfreelance ዝፍለጥ ጋዜጣ ሪፖርተር ብምዃን: ንኹናት ሓድሕድ ሊባኖስ ጸብጻባቱ

**ተመስገን ደበሳይ**




ዘሕልፍ ዝነበረ: ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ሓድ-ሕዳዊ ኩናት ሊባኖስ ላምባ ዝኽስክስ ዝነበረ: ንኹነታት ሕዝቡላህ ኣብ 391 መዓልታት ጽዑቕ ምክትታል ብምክያድ: ናብ ሞሳድ ጸብጻባቱ ዘሰጋግር ዝነበረ ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ ምኩር ጋዜጤኛን ሰላይን ኢዩ ሮገር ኣውኪዩ:: ኣብ 2009 ኣምባሳዶር ፈረንሳ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ዝተመዘዘ ሮገር ኣውኪዩ: ምስ ናይ እስራኤል

ኣምባሳዶር ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ገይ ፍለድማን: ጥቡቕ ዕርክነት ዝነበሮ ኣምባሳዶር ሮገር ኣውኪዩ: መደባት ውጥናቱ ኣብ ዕንወት ኤርትራ ሓደ ዘይተገረሐ ሰብ ግዝያዊ ሚኒስተር ዜና ዓሊ ዓብዱ ረኺቡ ብምጭባጡ: ንዕዮኡ ከም ዕዉት ኢዩ ወሲዱዎ ዘሎ::

ኣምባሳዶር እስራኤል ኣብ ኤርትራ

ገይ ፍለድማን

ናይ ትማሊ ጸራብ ዕንጸይቲ (ፈለኛሞ)
ኣባል ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ
(ማወስ) ስእሊ ሜዳ ኤርትራ ዳን-ኮኔል





ንምኻኑ ተራ ኣምባሳደር ገይ ፍለድማን ምስ ፍልሰት ጉዕዞ ሲናይን: ጥፍኣት ህልቂት መንእሰያትን: መሸጣ ውሽጣዊ ናውቲ ኣካላት ደቂ ሰብን ምትእስሳር ይህልዎ ዶ ኾን ይኸውን? ብፍላይ ምስ'ቲ 20 እስራኤላውያን ኣይሁድ ኣብ ምስግጋር ዘይሕጋዊ ናውቲ ደቂ ሰባት ብዝተሓሓዝ ጉዳይ: ኣብ ኣሜሪካ ምቕያዶምን ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:- http://edition.cnn.com/2011/11/03/world/meast/pleitgen-sinai-organ-smugglers/ እቲ ናይ ትማሊ ዓርኪ ሰውራ ኤርትራ ዝብሃል ዝነበረ: ካብ ጸራብ ዕንጸይትን ለማጽ መንደቕን: ጸኒሑ ናብ ላብረርያን ሸያጢ መጻሕፍትን ብምስግጋር: ከም ሰኣላይን ጋዜጤኛን ብምኳን 1257 መዓልታት: ጸንሑቱ ኣብ ምስላል ኤርትራን: ንምውዳቕን ምርማስን እታ ሓዳስ ሃገር ኤርትራ ዝተጻወቶ ተራን ዝነበሮ ሕቡእ ኣጀንዳን: ኣብ ድሮ ምቕያድ ጉጅለ 15 ዘካየዶ ኣዕናዊ ቃለ መሕትት ህያው ኣብነት ኢዩ:: ንዝያዳ ቅዳሕ ሊንክ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?v=wHPIwf3fG44 ዳን-ኮኔል: ከም መቐጸልታ መስርሕ ዕንወቱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ: ናብ ቦታ በደዊን ብኣካል ብምግስጋስ ንዘሕለፎ ጸብጻባት ምስ እንፍትሾ: ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:-
http://www.danconnell.net/about-dan-connell

ኪኖ እቲ ኣቐዲሙ ንዘይዓግብ ስዉር ሸውሃት ሰብ ፍሉይ ረብሓ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንምርዋይን ድልየታቶም ንምዕጋብን: ብፈልሒ ነድእታቶም ንምድኻም ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ምንብርካኽ ሃገራዊ ሓርበኛዊ መንግስታን: ንጽዩን እምበራጦርያዊ ጥሙሕ ስርዓት ወያነ ንምዕጋብ: ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ብብይን ውሳኔ ቁጽሪ 1907/2009 ንዝተስገደደ: ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ፖለቲካዊ ቅማሬታትን: እምበራጦርያዊ ሕሳባትን ዝተተኸተኸ ዝተቖሰለ እገዳ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ከም ዝስገደድ ብምግባር: ንጉዳይ ሃገረ ኤርትራ ብዝምልከት ተቐጻጻሪ ኮይኑ ዝሰርሕ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዘሕለፎ ውሳኔ መሰረት: ሓደ ተጻዋዕነቱ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾነ: ብስም "ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት" ንዝሓለፈ ዓሎቕ: ርዝነት ናይ'ቲ ተባህለ እንዳበለ ዘቕረቦ ጸብጻባት ምፍሻሉ: ብስኽነት ዓሪፉ ንሰላም ክሰርሕ ዘይከኣለ ዝተረበጸ ኣእምሮ ካልእ ነገር ንምምሃዝን: ብሓይሊ ደፊኡ ጸቢሖም ንዘይብልዕሉ መኣዲ ከግስያም ዝፈተኑ ሓይልታት 'ውን: ኣንጻር ቅንዑነት መንግስትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከሳርሕዎ ደፊእዎም ኢዩ::

ከኔዝ ሮዝ

ፔተር ቤነንሶን





በቲ ብብይን ውሳኔ ቁጽሪ 1907/2009: ንዝተስገደደ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ዘይተዓወቱ ተጻባእቲ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን መንግስታን ዝኾኑ ሰብ ፍሉይ ረብሓ: እቲ ብ2ይ ደረጃ ከዐውተና ኢዩ ኢሎም ዝሓዝዎ መጣልዒ ካርታ: ጉዳይ ሰብኣዊ መሰል ኢዩ:: ነዚ ክውን ንምግባር ነቲ ብስም ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ዘጠመቕዎ: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝመደበሩን: ብቐንዱ ብሰብ ፍሉይ ረብሓ ዝምወልን ዝመሓደርን: ብቐንዲ ካብ ኣውራታት ሰብ ፍሉይ ረብሓ ከኔዝ ሮዝ ዝተመስረተ ሂማን ራይት ዎችን: ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ብፔተር ቤነንሶን ዝተመስረተ ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናልን: ቀጻሊ ትካላቱን ልኡኻት ሰብ መዙን ኣቢሉ ኣብ

ኤርትራ ስርዓት ንምቕያር ዝተለምዎ መደብ ስለ ዝፈሸሎም: ኣብ ቅራሬት ውድቀቶም: ብስም መርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝተሰምየ: ሓደ ናይ ኣማውቱና ጉጅለ ክፈጥሩ ሰገጥ ኣይበሉን::

**ኣማል ዓሊ** **ኣሕመድ ኣል-ቐይሲ**




ኣቐዲማ ካብ ሚኒስትሪ ዜና ኣማል ዓሊ ከም እትወጽእ ተገይሩ ኣሎ:: ኣማን ዓሊን ዝርዝር ኣወጻጽኣኣን: ብመንገዳ ክስራሕ ዝተደልየ ውጥንን: ብቐንዱ ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ምስ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝነበረ: ኣሕመድ ኣል-ቐይሲ ገዚፍ ዝተጠናነገ ምትእስሳር ዘለዎ መስርሕ ኢዩ:: ሎሚ ንባዕላ እታ ምስ ሓንቲ ኾይና ምስ ኣባ-ሓጉኣ ንኽትዓቢ ዝተገድፈት: ፌሩዝ ጓሉ ንኣሕመድ ኣል-ቐይሲ ካብቶም ዘዕብይዋ ዝነበሩ ኣባ-ሓጉኣ ውላድ ዝተቦኮረት: 2ይ ርእሳ ኮይና

**ፌሩዝ ኣሕመድ ኣል-ቐይሲ**



ናብ ኣቡኣ ኣሕመድ ኣል-ቐይሲ ዝተጸምበረት: ኣብ ክንዲ ፌሩዝ ኣሕመድ ኣል-ቐይሲ: ኣብ ማዕከናት ዜና ብፌሩዝ ወረደ እትጽዋዕ ዘላ: ናይ ባዕሉ ፍሉይ ዝኾነ ባይታ ሂብና እንዝርዝሮ ሓቂ ኣሎ:: ደሴታት ሓኒሽ እንታይ ሚስጢራት ኮን ይህባና ይኾና? ጠንቂ ናይ'ዚ ኹሉ ጎደና ጽላለ ናበይ ገጹ? ኣብ እዋኑ ክንፍትጎ ግዜ ክትህቡና ኢና ንሓትት ተኸታተልትና:: እንተ ንሕና ሓቂ ካብ ሓቅነታ ዘይትሓልፎ: ካብ ምድሕዳሑ ድሕር ኣይክንብልን ኢና:: ፌሩዝ ኣሕመድ ኣል-ቐይሲ ነባርነታ ሕጂ ዓዲ እንግሊዝ ኢዩ ዘሎ:: ግዜ ዘይወልዶ ሓቂ የለን:: መስመር ከነትሕዞ ጭርሖ ፌሩዝ ባርነት ደው ይበል ኢዩ ዝብል ዘሎ:: ፌሩዝ ግን ንዘየለ ባርነት መንግስቲ ኤርትራ ዘይኮነት ደው ከተብል ዘለዋ: ነቲ ኣብ ውሽጢ ዝዓበየትሉ ገዛ ዝገደፈላ ስምብራት ባርነት ሩካቤ ስጋ ኣባ-ሓጉኣ ደው ንኽተብል ጥራይ ኢና እንመኽራ:: ምኽንያት ሓቃ ኸኣ: በትን ውላድካ ዝኾንካ በትን ሓውቦኻ ዝብጸሓካ ከተዕቢ እቲ በሰላ ገዚፍ ኢዩ ንዝርዝሩ ኣብ ቀጻሊ:-

**ዳን-ኮኔል ምስ ማርቲን ፕላዉት** **ሳባ ገብረገርግስ**




ኣብ ማዕከን ዜና ቢቢሲ ኢዩ ዝሰርሕ: ማርቲን ፕላውት ይብሃል:: ማርቲን ፕላውት ቀንዲ ውልቀ ዓርክን መሓዛን ተጋዳላይ ኤርሚያስ ደበሳይ ኢዩ:: ተጋዳላይ ኤርሚያስ ደበሳይ ወኪል ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ብምኳን: ካብቶም ኣብ ወጻኢ ኾይኖም ንጥፈታቶም ዘካይዱ ዝነበሩ ሓደ ኢዩ:: ዓርክን መሓዛን ተጋዳላይ ኤርሚያስ ደበሳይ ጋዜጤኛ ማርቲን ፕላውት: ቀንዲ መሳርሕቲ ዳን-ኮኔል ኢዩ:: ነዝን ካልእን ኣመልኪታ ኢያ: ሳባ ገብረገርግስ ንዳን-ኮኔል ብቓሉ ክሳዱ ዓትዒታ ዝሓነቐቶ: ዓቢዩ ብድሆ ኣንጻር ዳን-ኮኔል ብሳባ ገብረገርግስ ቅዳሕ ጥብቆ ቪድዮ ተመልከት:- https://www.youtube.com/watch?v=mHmxng72hWQ

**ተጋዳላይ ኤርሚያስ ደበሳይ** **ጋዜጤኛ ማርቲን ፕላውት**




ማርቲን ብጀካ እቲ ናይ ጋዜጤኝነት ስርሑ: ሓደ ካብ ኣባላት ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣሜሪካ (ማወስ) ኢዩ:: ማርቲን ፕላውት ስጡም ርክቡ ምስ ተጋዳላይ ኤርሚያስ ደበሳይ: ካብ ዓመት 1980 ዝጀመረ ኢዩ:: ንባዕላ እዛ ናይ ተጋዳላይ ኤርሚያስ ደበሳይ ስእሊ: ካብ መዛግብቲ ማርቲን ፕላዉት ኣብ 80ታት ዝተሳእለት ሰነድ ኢያ:: ተስፋ ማርቲ ፕላዉት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ: ድሕሪ ማእሰርቲ ናይ ኤርሚያስ ደበሳይ ዝነበሮ ትጽቢት ሞይቱ ኢዩ:: ተስፋ ዝቖረጸ ማርቲን ፕላውት ከኣ: ካብ'ቲ እዋን ኣትሒዙ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን መንግስትን ኤርትራ ጎስጓሳት ከካይድ ክሳብ ለይተ ሎሚ

ኣየዕረፈን:: ማርቲን ፕላዉት ድሕሪ ማእሰርቲ ናይ ኤርሚያስ ደበሳይ ዓመተ 1997 ኢ.ዱ ከም ዝተቐርጸት ኢዩ ዝገልጽ:: ንዝያዳ ርክብ ማርቲንን ኤርሚያስን ጥብቆ ቅዳሕ ተመልከት:-
http://www.bbc.com/news/magazine-20171366

ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን) ንምውጻእ ጋዜጤኛ ተመስገን ደበሳይ: ብዓቢ ብልሓት ንኽትሰርሓሉ ኢያ ትመጣጠር ዘላ:: ነዚ ንምትግባር ኢያ ኸኣ: ነቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከም ኣጻብዕታ ናብ ዝኾነ ይኹን ቦታ እተንቀሳቐሶ: ኣብ ሰቪክ ማሕበራት ከም ኣቦ ወንበር ኮይኑ ዝሰርሕ ኣሰፋው ገብረኪዳን ንምርካብ ትጓየ ዘላ:: ኣሰፋው ገብረኪዳን ወዲ ኮኔሬል ገብረኪዳን ኮይኑ: ሓዉ ንቐንዲ ኣባል ኢሰፖ ዳኒኤል ገብረኪዳን ኢዩ::

**ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን)** **ተመስገን ደበሳይ**




ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን) ምስ'ቲ ምስ ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል ዘለዋ ጥቡቕ ዝምድና ምርኩስ ብምግባር: ኩሉ ኹነታት ንምጥጣሕ: ኪኖ እቲ ኣቐዲሙ ሚኒስተር ዜና ዓሊ ዓብዱ ዘጣጥሖ መንገዲ: ናታ ምድምድ ንኽተዳሉ ኢያ ነቲ ካብ ዶብ ኣልቦ ጋዜጤኛታት: ንምውጻእ ተመስገን ደበሳይ ኣመልኪታ ንዝረኸበቶ ሓበሬታ: ንኣሰፋው ገብረኪዳን እትሕብሮ ዘላ:: ኣዝዩ ቀረባ ኣይኮነን 'ምበር: ተመስገን ደበሳይ ብኣቡኡ ኣቶ ደበሳይ ኣቢሉ ንኣሰፋው ገብረኪዳን ቤተ ሰቡ ኢዩ:: ወላዲቱ ንተመስገን ደበሳይ ግን: ኩሉ ከም ዝፈልጦ ትግራወይቲ ኢየን:: ተመስገን ደበሳይ ከኣ ድሕሪ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምእታዉ: ክሳብ ነዲኡ ካብ ሃገር ዘውጽኣን ግቡእ 2% እንዳኸፈለ: ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ብታሕቲ ታሕቲ እንተዘይኮይኑ: ብግህዱ ይሳተፍ ኣይነበረን:: ተመስገን ደበሳይ ከም ሃረርታኡ ኣብ ቢቢሲ: ሲኤን ኤን: ኪኢላ ቛንቛ እንግሊዝን ሓያል ጋዜጤኛን ተባሂሉ ክቑጸር ዝነበሮ ሕልሚ ምስ ማህመነ: ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ሓንቲ ፈነወ ስፖርት ዝመሓላለፈላ መደበር ኢዩ ክሰርሕ ጀሚሩ:: ንወላዲቱ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ንምምጻእ ዝነበሮ መደብ መሰረት ብምግባር: ናብ ኢትዮጵያ ምስ ኣሕለፈን ከኣ: ካብ ስራሕ ደው ኢሉ ድሮኳ እነሀለ ክልተ ግዜ ናብ መቐለ ብምምልላስ: ምስ ወላዲቱ ተራኺቡ:: ድሕሪ እዚ ኢዩ ኸኣ ብግህዱ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝንቀሳቐስ ዘሎ:: ኣብ'ቲ ንፍልይቲ መርማሪት ኮሚሽን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ ጸብጻብ ናይ 550 ሰባት ኸኣ: ሓደ ካብቶም ምስ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን) ኮይኑ ካብ ዘዳለዉ ሓደ ኢዩ::

**ኣሰፋው ገብረኪዳን**



እቲ ነዚ ናይ ተመስገን ደበሳይ ምምጻእን ምጽንባር: ናብ ስራሕ ደምበ ተቛውሞን: ብመንገዲ ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን) ትእዛዝ ዝተቐበለ ኣሰፋው ገበረኪዳን: ቅድሚ ናብ ሃገረ እንግሊዝ ብሓገዝ ኣብ ዓዲ ጥልያን ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ካብ ቡልጋርያ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ንምእታው እንተዘይክእል ነይሩ: መንግስቲ ቡልጋርያ ምስቶም ኣቡኡ ዝነበሩ ገለ ሰባት ሓዊሱ: ናብ ኢትዮጵያ ክጥርዞም ኢዩ መደቡ ነይሩ:: እቲ ግዜ ኣብ 1979 ኢ.ዩ:: ኣብ'ቲ እዋን ኣሰፋው ገብረኪዳን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ተደናጋጺ መርገጽ ኢዩ ነይርዎ:: ኣዝዩ ንጡፍ 'ውን ኣይነበረን:: ምኽንያቱ ኣቐዲሙ ኣቡኡ ኮሎኔል ገበረኪዳን: ሽፍሽፈት ከባቢ ከረን ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ እቲ ዝወሃቦም ዝነበረ ተደጋጋሚ መጠንቀቕታ ስለ ዝተቐንጸሉ: ንሰውራ ኤርትራ ዝነበሮ ኣጠማምታ ጎቦ ልቢ ኢዩ ነይሩ::

**ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገብረኪዳን**



**መንግስቱ ሃይለማርያም**



ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገብረኪዳን: ሓዉ ንኣሰፋው ገበርኪዳን ኢዩ:: ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ኣብ መጀመርያ እዋን ንጡፍ ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ ኢዩ ዝሰርሕ ነይሩ:: ብፍላይ ድሕሪ መቕተልቲ ኣቡኡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ተኣማንነቱ ኣብ ስርዓት ደርግ እንዳዓበየ ኢዩ መጺኡ:: በብእዋኑ ንዝወሃቦ ዝነበር ሓላፍነት: መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር ንናይ ሓበራዊ ሃገራዊ ረብሓ ምድኻም ስርዓት ደርግ ንኽጥቀመሉ ብማለት: ህዝባዊ ግምባር ንዳኒኤል ገበረኪዳን: ንደርግ መሲሉ ክቓለስ ኢዩ መንገዲ ነጻ ገዲፉሉ:: እንተኾነ ግን ዳኒኤል ገበረኪዳን ነቲ ዕድል ብኽም'ቲ ንረብሓ ሰውራን ህዝብን ኤርትራን ዝተወጠነ ውጥን ክጥቀመሉ ኣይከኣለን:: ኣብ'ቲ ግዜ ናይ ኤርትራ ምምሕዳር ተባሂሉ ተሰይሙ ዝመጸ ሻለቃ ዳዊት ወልደገርግስ: ዝያዳ ሓላፍነታት ብምሃብ ጥራይ ዘይኮነ: ምስ'ቲ ሰውራ ኤርትራ ካብ ከተማታት ኣዝሊቕዎ ዝነበረ ምርኩስ ብምግባር: ዳኒኤል ገበረኪዳን ንሰውራ

**ሻለቃ ዳዊት ወልደገርግስ**



ኤርትራ ብፍላይ ንህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ናይ ይምሰል ሓበሬታ እንዳመጠወ: ነቶም ቀንዲ ኣብ'ቲ እዋን ናይ ከተማ ስርሓት ዝሰርሑ ዝነበሩ ፈዳይን: ናብ ደርግ ምርካብን: ንዋህዮታት ህዝባዊ ግምባር ኣብ ምብትታኽን ምብንጣስን ኢዩ ተዋፊሩ:: ኣብ እዋኑ ብኢድ ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገበረኪዳን ህይወቶም ዝሓለፉ ገዳይም ናይ ከተማ ስርሒት (ፈዳይን) ተጋደልትን: ብፍላይ ከኣ ኣብ 1984: ኣብ መጥቃዕቲ ውቃው እዝ:- ዕለት:- 19-02-1984 ዝተማረኹ ተጋደልቲ ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ቅትለት: ኢ.ድ ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገበረኪዳን ዝተሓጽቦ ደም ዝምስክር ኢዩ:: ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገበረኪዳን ከም ውዕለቱ: ናይ ኤርትራ ናይ ፖለቲካ ርእዮተ ዓለም ሓላፊ ኮይኑ: ኣብ ጎኒ ሻለቃ ዳዊት ወልደገርግስ ኮይኑ ሰሪሑ ጥራይ ዘይኮነ: ሓደ ካብቶም ብመንግስቱ ሃይለማርያም ተኣመንቲ ኤርትራውያን ተባሂሉ: ኒሻን ዝተሸለመ 'ውን ኢዩ ነይሩ:: እቲ ከም ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ምኻኑ ዝፍለጥ ዝነበረ ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገበረኪዳን: ዳብል ኤጀንት ናይ ስርዓት ደርግ ብምኻን: ቀንዲ ናይ ስርዓት ደርግ ሰላዩ ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ምንባሩ ድሕሩ ኢዩ ተፈሊጡ:: ምትሓዝን: መሰወእትን: ፍሽለት ስሪሒትን: ናይ ከተማ ፈዳይን ህላዌ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኢትዮጵያን: በዓል ዛንዛራን ወዲ ቡላን ክምስክርዎ ምኽኣሉ ነይሮም:: ግን በጀ እዛ ሃገር ሓሊፎም!!! እቲ ሓቂ ግን ሻለቃ ዳዊት ወልደገርግስ ንስርዓት ደርግ ከዲዑ ናብ ሰውራ ኤርትራ ዝመጻሉ እዋን: ከም ጸሓይ ብሩቕ ኢዩ ተገሊሁ:: ሎሚ ንኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገበረኪዳን ደቁን በዓልቲ ቤቱን: ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኢዮም ዝቕመጡ ዘለዉ:: ሓዉ ኣሰፋው ገብረኪዳን 'ውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኢዩ ዝቕመጥ ዘሎ:: ኣባል ኢ.ሰፓ ዳኒኤል ገበረኪዳን ዘህለቆም መንእሰያትን ተጋደልትን ኣስማቶም ኣብ ቅድሚ ዓይኖም እንተዝዝርዘረሎምሲ: ብፍላይ ኣሰፋው ገበርኪዳን ናይ መሰል ተጣባቒ ኢየ ዶ ምበለ ነይሩ? መሰል ካብ'ታ ጥማዕ ዝጠልቀየ ደም ዝተነኽአት ቤትካ ኢያ ትጅምር:: ነቲ ዝነበረ ኣሰራርሓ ኽኣ ሻለቃ ዳዊት ወልደገርግስ: ኣብ'ታ ቀይሕ ንብዓት እትብል መጽሓፉ ዘርዚርዎ ኣሎ::

**መሰረት ባህልቢ** **ሚርያም ቫን ረይዘን**





ጌና ሓድሽ ምዕባሌታት ኢዩ ዝኽሰት ዘሎ:: መሰረት ባህልቢ ኢዩ ዝብሃል:: ለይለይ ዝብል መንእሰይ ኢዩ:: ሚርያም ቫን ረይዘን (Mirjam van Reisen) ዝተባህለት ናይ European External Policy Advisors (EEPA) ዝተባህለ N.G.O. ወናኒትን ኣካያዲትን ዝኾነት ሆላንዳዊት: ንኤርትራዊ ሃገራዊ መሰረት ባህልቢ ዝርከቦም መንእሰያት: ስም ብምጥፋእ ጠቂናቶም ኣላ:: መሰረት ባህልቢ ዲግዲጊት ተዓጢቑ ናብ ቤት ፍርዲ ከሲስዋ ኣሎ:: ብዕለት 27-01-2016 ኣብ ኣምስተርዳም ዝርከብ ሓደ ቤት ፍርዲ ዝወዓለ መጋባእያ: መሰረት ባህልቢ ብመንገዲ ጠበቓኡ ኣቢሉ: ንነብሱን ነብሲ ብጾትን ክከላኸል ፋይል ከፊቱ ኣሎ:: ኣብ'ቲ ንሱ ዝኸፈቶ ፋይልን ዝርዝር መስርሓቱን ብተኸታታሊ ከነቕርቦ እኳ እንተኾና:: ነዚ ናይ መሰረት ባህልቢ ፋይል ክሲ መላእ መንእሰያት ኤርትራ: በብመንገዶም ክስዕብዎ ኢዩ ዘሎ እቲ ጉዕዞ:: እቲ ምንታይሲ ኤርትራዊ ኣሸንኳይዶ ዘይስሙ ሂብካ ጸለሎ ክትቀብኦሲ: ነቲ ዝወዓሎ ሓቂ ናይ ጽድቂ ውዕለት 'ውን ኣጋኒኑ ዝነግረሉስ ይትረፍ: ባዕሉ ንኽጸውዮ 'ውን ኣነ! ኣነ! ብዘብል ባህሪ ኣይተጎንፈን:: መሰረት ባህልቢ ግን ከም'ቲ እዋን ቃልሲ ''በይኖም ኣንጻር ሓያላት!!!'' ዝተባህለሉ እዋን: መሰረት ባህልቢ 'ውን: ''በይኑ ኣንጻር ዓመጽቲ!!!'' ደው ኢሉ ኣንቀጥቂጥዎም:: በዚ ኣጋጣሚ ኸኣ: ንውዕሎ ናይ'ቲ ቤት ፍርድን: ቁጻር ንብዓት ወይዘሮ ሚርያም ቫን ራይዘንን: ወይዘሮ ፌቨን ሰሎሞንን ንዝያዳ ሓበሬታ ጥብቆ ቪድዮ ተመልከት:-
http://nos.nl/nieuwsuur/artikel/2083224-grondig-onderzoek-naar-intimidatie-door-regime-eritrea.html

ንዝርዝር ናይቶም ኣብ'ዚ መደብ ዝቐረቡ: ዝስዕቡ ሰባት ብዝምልከት ግን: ኣብ ቀጻሊ ብሰፊሑ ከነቕርቦ እኳ እንተኾና: ንክፋል መእተዊ ክኾነና ብማለት ግን ጀባእ ንብለኩም:-

**ፌቨን ሰሎሞን**



ፌቨን ሰሎሞን ካሕሳይ ትብሃል:: ወላዲ ኣቡኣ ሓያል ጠበቓ ምንባሮም ኢዩ ዝዝረበሎም:: መቦቆል ኣዲኣ ግን ካብ ትግራይ ኢዩ:: ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ክፍሊ ቬትረናሪ ተመዲባ ከም ዝነበረት 'ኳ ዝዝረብ እንተኾነ: ኣብ'ቲ ክፍሊ ይኹን: ካብ'ቲ ክፍሊ ወጻኢ ዝነበሩ ተጋደልቲ: ንፌቨን ሰሎሞን ሓንቲ ካብተን ብመልክዓን ጠባያን ተሓርያ: ናብ ዝተወሰነ ክፍሊ ዝተሳሕባ ድኣ 'ምበር: ከም ኩሉ ተጋዳላይ ኣበርክቶ ክትገብር ተባሂሉ ከም ዘይተመደበት ኢዮም ዘዕልሉ:: ነዚ ኸኣ ምስ ኣተዓባብያኣ ብምዝማድ: ናብ'ቲ ብወላዲታ ዝውነን ዝነበረ ቤት መስተ ብምትሕሓዝ ይገልጽዋ:: ሎሚ ፌቨን ሰሎሞን ኣብ ራድዮ መድርኽ ኣንባቢት 'ኳ እንተኾነት: ኣቓዲማ ግን ኣብ ድምጺ ሓርነት: ብመንገዲ ንእዋኑ ሰብኣይ ሓፍታ ኮይኑ ምስ ዝነበረ ዶክተር ኣሰፋው ተኸስተ ኣቢላ: ብተስፋልደት መሓረና ብዝተገብረላ ስልጠና ኢያ: ብደሞዝ ኣብ ድምጺ ሓርነት ምስ ኣማኒኤል ኢያሱ ብምኳን ክትነጥፍ ዝጀመረት::

**ሰናይ ፍስሃየ**



**ገብሪኤል**



ሰናይ ፍስሃየ: ዝኾነ ብዛዕባ ፖለቲካ ዝፈልጦ 'ውን ኣይነበሮን:: ካብ ኣዝማዱ ዝኾነ ኣብ ህዝባዊ ግምባር ኣብ ክፍሊ ህንጻ ዝነበረ: ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ኸኣ: ኣብ ክፍሊ ፕላንን ፕሮጀክትን ንድፊ ከተማታት ኣብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ዝሰርሕ ዝነበረ: ተጋዳላይ ገብሪኤል ብዝሕደረሉ ስምዒታዊ ጽልዋ ኢዩ ዝንቀሳቐስ ዘሎ:: ገብሪኤል ናይ ጣልያን ዝርኢ ዘለዎ ኤርትራዊ ኢዩ:: ንሱ

ሕነ-ሕነ ናይ'ታ ኣብ ኤርትራ ንዘይከውን ስራሕ ዝተበገሰት ዳንያ ኣቫሎነ ተሓሊቑ: ድሕሪ ምእሳር ጉጅለ 15 ኢዩ ምቕዋም ጀሚሩ:: ዳንያ ኣቫሎነ ኣብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ኢያ ትነጥፍ ነይራ:: ብሰሪ እቲ ዘይሕጋዊ ስርሓታን: ዘካየደቶ ንብልሽውና ዝዕድም ስራሕን ኢያ ካብ ኤርትራ ተባሪራ::

**ክብሮም ዳፍላ**

**ዳንያ ኣቫሎነ**






ክብሮም ዳፍላ ዝበዝሐ ግዚኡ ኣብ ሃገረ ጥልያን ኢዩ ከም ሓፋሽ ውድባት ኮይኑ የሕሊፍዎ:: ኣብ'ቲ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ንግዲ ስርሓት ከኣ: ከም ወኪል 09 ኮይኑ የገልግል ነይሩ:: ኣብ መወዳእታ ከኣ: ከም ሓላፊ ኤርትራን ኣየር ላይንስ ኮይኑ ተመዚዙ እንዳሰርሐ እንከሎ: ኣብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ናይ 09 ስርሓትን: ብተመሳሳሊ ኣብ ክፍሊ ኤርትራን ኣየር ላይንስ ብዝተገብረ ናይ ምጥፍፋእ መስርሕ: ናይ ቁጽጽር ስራሕ እንዳተኻየደ እንከሎ: ብስራሕ ምኽንያት ናብ ወጻኢ ሃገር ምስ ከደ: ቡኡ ገይሩ ዝተረፈ ኢዩ ክብሮም ዳፍላ::

**በዚ ኣጋጣሚ ጉጅለ ተጻናጸንቲ እከይ ዊዲታት: ንመሰረት ባህልቢ ዘድልዮ ሰነዳት ክንተሓባበሮ ምኻና ቃል እንዳኣተና: ንኣሰራርሓ (EEPA) ምትእስሳሩ ምስ በዓል ሜሮን እስቲፋኖስን ምስናይ ዝርዝራቱ ነቕርብ:- እዚ ጽሑፍ እዚ: ኣቐዲሙ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ተዘርጊሑ 'ኳ እንተነበረ: ምስ'ዚ ተበግሶ ክሲ መንእሰይ መሰረት ባህልቢ ንምድራዕ: ዳግማይ ሓድሽ መጽናዕቲ ተወሲኽዎ ዝቐርብ ዘሎ ኢዩ:: ደጊምና ሰናይ ንባብ:-**

**ሜሮን እስቲፋኖስ**



ሜሮን እስቲፋኖስ ኣብ'ታ ብዶብ ኣልቦ ጋዜጤኛታት (Reporters with out border) እናተኣልየት: ብሕብረት ኤውሮጳ እትምወል ብስም ራድዮ ኤሬና ኣትፍለጥ ፈነወ ሳተላይት ራድዮ: ሓሙስ: ሓሙስ: ኣብ ዝቐርብ ፍሉይ መደብ ንጉዳይ ስደተኛታት ኤርትራ ኣመልኪታ: ብፍላይ ከኣ:- ንጉዳይ (Human Tirafficking) ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትን: (Organ smaglers) ዘይሕጋውያን ኣስጋገርቲ ውሽጣዊ ናውቲ ኣካላት ወዲ ሰብ ብዝብል ቴማ: ቃለ-መሕትትን ናይ ተሌፎን ጻዊዒትን እትካይድን: ንኹሉ ዘካየደቶ ስራሕ ብመልክዕ ጸብጻብ ብመንገዲ ኣብ ብሩሰል ዝመደብሩ: ብ(Mirjam van Reisen) ሚርያም ቫን ረይዘን ዝተባህለት ሆላንዳዊት ዝመሓደር: European External Policy Advisors (EEPA) ዝተባህለ N.G.O. ናብ'ቲ ንኤርትራ ንምቕጻዕን ንምቁጽጻርን ተባሂሉ ብምኽኒት ዝተሰገደደ እገዳ ዝቖመ ተቐጻጻሪ ኮሚቴ ጸብጻባታ ብምቕራብ: ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ኣብ ተግባር (Human Tirafficking) ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትን: (Organ smaglers) ዘይሕጋውያን ኣስጋገርቲ ውሽጣዊ ናው'ቲ ኣካላት ወዲ-ሰብ ኢድ ከም ዘለዎም: ካብ'ዚኣቶም ሓደ ኸኣ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ) ምኻኑ ብምዝርዛር: ንኤርትራ ኣብ ክልተ ዝብልሑ ኻራ ብምቕርቓር ወፍርታታ እትካይድ ዘላ ኢያ ጥራይ ዘይኮነ: ምስ ሓደ ኣብ ኤርትራ ዝዓበየ ጽቡቕ ምልክት ቛንቛ ላህጃ ትግርኛ ኣስመራ ዘለዎ ተወላዲ ትግራይ ብምኻን: ዝተራቐቐ ናይ ድምጽን ስእልን መቕረጽን ብምውዳድ: ናብ ኣብ ሽወደን ዝርከብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ብምልኣኽ: ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ዝካየድ ንጥፈታትን: ንጉዳይ ኣገባብ ኣከፋፍላ 2% ኣሰራርሓኦምን ብዝምልከት ብዝተመስጠረ ኣገባብ ድሕሪ ምቕዳሕ: ብመንገዲ ሜሮን እስቲፋኖስ ናብ ማዕከናት ዜና ሽወደን ተዘርጊሑ ከም ዝጋዋሕ ድሕሪ ምግባሩ: ናብ'ቲ ኣብ ብሩሰል ዝርከብ (Mirjam van Reisen) ሚርያም ቫን ረይዘን ዝተባህለት ሆላንዳዊት ዝመሓደር: European External Policy Advisors (EEPA) ዝተባህለ N.G.O. ቀሪቡ: ኣብ ማእከል ሕብረት ኤውሮጳ ድሕሪ ምቕራቡ: ከም ሓደ ጭብጢ ተቐጺሩ ናብ'ቲ ንእገዳ ኤርትራ ኣመልኪቱ ዝወጸ ተቖጻጻሪ ኮሚቴ: ከም መኽሰሲ ንኤርትራ ኮይኑ ንክቐርብ ካብ ዘዋደዱኡን ዝሰርሑ ኢያ ሜሮን እስቲፋኖስ::

ሜሮን እስቲፋኖስ: ነቲ ናይ ምጭዋይ መንእሰያት ኣብ ሲናይን ማእሰርቲ ኤርትራውያን ኣብ ግብጽን በታ ሓሙስ: ሓሙስ ብራድዮ ኤሬና እትፍንዋ ፕሮግራም ኣቢላ: ነቶም ኣብ ሲናይ ተጨውዮም እትብሎም ሰባት ብስልኪ ኣዘራሪበዮም ናይ ዝበለቶ ቅዳሕ: ኣብ መደባት ፕሮግራማ ብምትሕልላፍ: ኩሉ ናይ እተቐርቦ ናይ ስቅያት መደብ: ብመልክዕ ድራማ ብምድላው ነቶም ግዳያት እትብሎም ሰባት: ካብ ዘለዉዎ ናይ ምጭዋይ ኩነታት ንኽድሕኑ ገንዘብ ክዋጻእ ኣለዎ ብማለት: ነቲ ዝተዋጽአ ገንዘብ ብመንገዳ ናብቶም ጨወይቲ ከም ዝመሓላለፍን: ፍርቂ ናይ'ቲ ገንዘብ ከኣ: ኣብ ኣስመራ ከም ዝኽፈልን: ናይ'ቲ ኣብ ኣስመራ ዝኽፈለሉ መስመር ተሌፎን ኣብ ኢዳ ከም ዘለዋ: እንተኾነ ግን: ስራሕ ንዘይምብዳል ናብ ህዝቢ ክትዝርግሖ ከም ዘይትመርጽ ኢያ ትገልጽ:: ነቲ ኣብ ፊልማ እዋን 2007 ዝጀመረቶ: ብሕሳብ $300 (ሰለስተ ሚእቲ ዶላር) ኣኽፊልካ ነጻ ገይርናዮም ዝብል መስርሕ: ኣብ 2009 ናብ $17.000 (ዓስርተ ሽሕ ዶላር) ክብ ድሕሪ ምባል: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ናብ $37.000 (ሰላሳን ሸውዓተን ሽሕ ዶላር) ደይቡ ዘሎ ኣከፋፍላ ገንዘብ: ኣብ 2010 ኣብ ዝተሰርሐ ድራማ: ሰምሃር ዝብል ስያሜ ናይ ዝተዋህባ ቆልዓ ብተደጋጋሚ ኣብ መደባት ራድዮ ድምጻ ክስማዕ ድሕሪ ምጽናሕ: ከነውጽኣ ገንዘብ ይዋጻኣላ ተባሂሉ ድሕሪ ምውጽኡ: ብዝተኣከበላ ገንዘብ ካብ ኢድ ጨወይቲ ነጻ ወጽያ ናብ እስራኤል ኣትያ ኣላ ተባሂሉ:: ይኹን 'ምበር ብድምጻ ከም ዝኣተወት ዝሃበቶ መረጋገጺ የለን ጥራይ ዘይኮነ: ሜሮን እስቲፋኖስ ባዕላ ናብ ሃገረ እስራኣኤል ከይዳ ኣብ ዘዳለወቶ ፊልም: ጉዳይ ሰምሃር ኣይተላዕለን ጥራይ ዘይኮነ: እቲ ኣብ'ቲ ፊልም ዝተቐርጸ ትሕዝቶ ኩሉ ነቲ ኣብ ብሩሰል ዝመደበሩ ዋንነት ሚርያም ቫን ራይዘን ዝኾነ N.G.O. ድሕሪ ምልኣኹ: ብመንገዱ ናብ ተቐጻጻሪ ኮሚቴ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንእገዳ ኤርትራን ኮሚቴ ምቁጽጻር ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላትን ሽይላ ብካታሩዝ ከም ዝሰጋገር ተገይሩ: እዚ ማለት ግን ኣብ ሲናይ ጭውያ ኣይካየድን ኢዩ ዘሎ ማለት ኣይኮነን: ጭውያ ይካየድ 'ኳ እንተሃለወ: ዝያዳ ብመንገዲ ሜሮን እስቲፋኖስ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጎስጓስ ግን: ኩሉ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ከም ኣታዊ መነባበሪ ገንዘብ ናይተን N.G.O.ን: ሰንሰለት መሳለጥያታቶምን ኮይኑ የገልግል ምህላዉ ኢዩ ዘነጽር:: ንዝያዳ ትሒቱ ኣብ ዝቐርብ ጸብጻብ ክንጸር ኢዩ:

## ዳዊት ይስሓቕ




ሜሮን እስቲፋኖስ ብጀካ እቲ ብጉዳይ ስደተኛታት: ብጉዳይ ጋዜጤኛ ዳዊት ይስሓቕን: ጉዳይ 2%: ንውላዳ ብብልጊነት ናይ ዝሓዘትላ (Mirjam van Reisen) ሚርያም ቫን ረይዘን ዝተባህለት ሆላንዳዊት ወናኒት European External Policy Advisors (EEPA) ዝተባህለ N.G.O.: ናብ ስድራ-ቤት ብምስግጋር ከም ኣባሊገ ውላዳ: ንናይ ሓባር እትዋተን ብሓባር ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ዝነጥፉ ዘለዋ ኢየን:: ምትእስሳረን ከኣ ኪኖ እቲ ውልቃዊን ፖለቲካውን ረብሓታተን: እዚ ሕጂ ሃኒጸነኦ ዘለዎ ስድራ-ቤታዊ መልክዕ ዝሓዘ ናይ ቢልጊነት ምትሓዝ ጉዳይ: ናብ ፍጹም ምትእምማን ዘብጸሐን መስርሕ ዝወድኣን: ኣብ ውሽጠን ነቓዕ ከእትዋ ዘይክእላ ኮይነን ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ብዝወሃበን ድጎማ 'ውን: ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ዘሰላስላ ኢየን:: ምሉእ ሓበረታ ቅዳሕ ጥብቆ ተመልከት:-
https://www.youtube.com/watch?v=M3Hkx7dDT9k

## ሚርያም ቫን ራይዘን



Mirjam van Reisen) ሚርያም ቫን ረይዘን:- ሚርያም ቫን ራይዘን መቦቆል ትውልዳ ሆላንዳዊት ኮይና: ናይ ሓንቲ ባዕላ ዝመስረተታ European External Policy Advisors (EEPA) ዝተባህለ N.G.O.: ወናኒትን ኣካያዲት ስራሕን ኮይና: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ብዝወሃባ ድጎማ ንጥፈታታ እተካይድ ኮይና: ብፍሉይ ነዚ ናይ ኤርትራ ዝምልከት ጉዳይ ከም መእተዊ ምንጪ ኣታዊታት ገንዘብ ብምርኣይ: ኣብ 2009 ብስም ናይቶም ብጠበንጃ ንስርዓት ኣስመራ ክቐይሩ ዘይደልዩ: ብሰላማዊ ኣገባብ ዝቃለሱ

ኣካላት ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ከራኽቦም ብማለት: ንዝጀመረቶ

## ኣብ ድሮ ምሕላፍ እገዳ ቁጽሪ ብይን 1907/2009 ብመንገዲ EEPA ቅድመ ደገፍ እገዳ ዘሕለፉ ክፋል ስእሊ ዓለውተኛታት



ምትእኽኻብ ብመንገዲ ሜሮን እስቲፋኖስ ዝተጸውዑ ገለ ፖለቲካውያን ውድባትን ናይ ስቪክ ትካላት ኣኼባ ብምዕዳም ዝረኸበትሉ ገዚፍ እትዋት: ምስ ናይ ሲናይ ጉዳይ ብምትሕሓዝ: ኣብ'ዚ እዋን እዚ: ላዕለወይቲ የማነይቲ ኢድ ናይ ሜሮን እስቲፋኖስን መሓውራታን ጥራይ ዘይኮነትሲ: ቀንዲ መንቀሳቐሲት ሞተር ኢያ:: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ነቲ ኣብ ሸወደን ዝካየድ ኩሉ ዋላ ውን ናይ'ዞም ሕጂ መንግስቲ ሸወደን ኣብ ቀይዲ የእትይዎም ኣሎ ዝበሃሉ ዘለዉ ወጻእተኛታት ኣሰጋገርትን: ተግበርቲ ጭውያን ገንዘብ ዘኽፍሉን: ምስ ኤርትራ ምትእስሳር ከም ዝነበሮም ንምምሳል ኣብ ዝካየድ መስርሕ: ብዙሕ ድራማ ኢዩ ዝስራሓሉ ዘሎ:: ናይ'ዚ ድራማ ደራሲት ከኣ ጌና ሚርያም ቫን ራይዘን ኢያ::

## ኣብርሃም ተኽለ



ኣብ ነርወይ ዝኣተወ መንእሰይ ኮይኑ: ምስ ነርወጃዊት (Linda Desiree Penzo) ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ ብምትሕብባር: ሓዉ ኣብ ሲናይ ከም ዝተጨውየ ብምሕባር: ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክግበረሉ ከም ዝሓትት ዝገበረቶን: ከም ናይ ግዳይ ናይ ዓይኒ ምስክር ኣብ ቅድሚ ማዕከናት ዜና ነርወይ ብምቕራብ: ነቲ ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ ብስማ ናይ ዝኸፈተቶ ሕሳብ ባንክ ከም ዝኣቱ ናይ ዝገበረቶ ገንዘብ ዋንነታ ብምግባር: መሳርሒ ገይራቶ ዘላ መንእሰይ ኢዩ:: ከም ሳዕቤኑ ኸኣ: ምእንቲ መንበሪ ወረቐት ክረክብ ዝተባህሎ ዝገብር ዘሎ ኣብርሃም ተኽለ: ሕጂ 'ውን መሳርሒ ናታ ብምኳን ኢዩ ዝቅጽል ዘሎ::

## (Linda Desiree Penzo) ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ



ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ መቦቆላ ነርወጀዊት ኮይና: ነቲ ኣብ ሲናይ ይካየድ ኣሎ ናይ ዝብሃል ጭውያ ኣብ ምቅላሕን: ነቲ ተኻይዱ ዝበሃል ጭውያ ተሓታትነቱ መንግስቲ ኤርትራ ምኻኑ: ናብ ናይ ተቆጻጻሪ ኮሚቴ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኮሚቴ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላትን ጸብጻባ ብምትሕልላፍ: ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ምስሎም ብምድዋን: ብፍላይ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተስገደድ እገዳ ከም ዝተሪር ንምግባር: ብረቂቅ እትሰርሕን ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ናይ ሲናይ ኩነታት ጭውያ ብጀካ እቲ ፖለቲካዊ ዕላማታት መኸሰቡ: በቲ ዝኸፈተቶ ናይ ሓጉዙና ውጺኢት ሕሳብ

ገንዘብ ብምኽፋት: ናብ ካዝና ሕሳባ ከም ዝኣቱ ብምግባር: ንምስሊ ሃገረ ኤርትራ ኣብ'ቲ ናይ ሲናይ መጭወይቲ ከም ቀዳማይ ተሓታቲ ብምግባር: ኣብ ናይ ነርወይን ኣህጉራዊ ጠመተ ዓለምን ፖለቲካዊ ምስሊ ክብሪ ኤርትራ ንምድዋን: ካብቶም ብረቂቕ መንገዲ ዝሰርሑ ዘለዉ ሓንቲ ኢያ ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ::

- title:Depenzo Linda Desiree Penzo
- address:Løkkebakken 6,
- city:Kragerø
- pscode:3770
- Telefon:35600221
- +47 454 52 842 (Mobile)
- org:991609679
- lgForm:ENK
- cperson:Linda Desiree Penzo
- regDate:29.08.2007
- keywrd:Annen undervisning ikke nevnt annet sted
- dateadd:12/31/2010 4:57:15 AM

## ድራማ መጭወይቲ ህጻን ኣሕላም

ኣሕላም ኣብ ሕርጊጎ እትቕመጥ ጓል 8 ዓመት ህጻን ምስ ወለዳ እትቕመጥ ዝነበረትን: ሃንደበት ስድራ ቤታ ካብ ገዳርፍ: ናይ ኣፈርክቡ መልእኽቲ ስለ ዝበጽሖም: ምላሽ ንምሃብን ብኣካል ደሃይ ናይ'ቲ ኣፈርክቡ ዝተባህለሉ ቤተ ሰብ ንምርግጋጽ: ኣንጊሆም ሰብኣይን ሰበይትን ንህጻን ጓሎም ኣሕላም ጓል 8 ዓመት ሒዞም ኢዮም: ካብ ሕርጊጎ ናብ ሱዳን ዝተጓዕዙ:: ንጉዕዞኦም ኣብ መሬት ኤርትራ ብሰላም ዛዚሞም: ካብ ግዝኣት ኤርትራ ወጺኦም ናብ ዶባት ሱዳን ምስ ሰገሩ ግን: ዘይሓሰብዎ ጉዳይ ኢዩ ኀኒፍዎም:: ንጉዳይ ኣፈርክቡ ዝተባህለሉ ቤተሰቦም ከየረጋገጹ እንከለዉ ኢዮም: ብሓደ ዕጡቕ ጉጅለ ዝተጨውዩ::

ጨወይቲ ብረት ዝዓጠቑን: ዝለበስዎ ልብሲ ወትሃደራዊ ኮይኑ: ልክዕ ከም'ቲ ናይ ኤርትራ ሰራዊት ዝለብሶ ወትሃደራዊ ክዳን ዝለበሱ ኢዮም ነይሮም:: ጨወይቲ ናይ'ቲ ብእከይ ተባራቱን ጭካኔኡን ዝፍለጥ ኣብ መሸጣ ምስግጋር ሰባት መሸጣ ውሽጣዊ ናውቲ ኣካላት ሰብነት: (ኩሊትን ልብን ጸላም ከብድን) ማሕፉዳኡ ዘርጎደ: ኣዛዚ ምክትታል ዶባት ናይ ዝተባህለ ኣሃዱ ሰራዊት

ኤርትራ ዝኾነ: ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ): ወይ ከኣ ብደቂ ኣስመራ (ተኽለ ነጅስ) ዝተላእኩ ብምዃኖም: ናይ መንግስቲ ኤርትራ ኢድ ከም ዘለዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን:: ስለ ዝኾነ ኢዮም ከኣ ጨወይቲ ብቕልጣፌን ብጭካነን: ንህጻን ኣሕላም ከየደንገጹቶም እናኸብኮቡዎም ናብ ጉጅለ በደዊን ኣሰጋጊሮሞም:: እቶም ዝተረከብዎም በደዊን ራሻይዳ ኮይኖም ብረት ዝዓጠቑን ብቛንቛ ዓረብ ዝዛረቡን ብምንባሮም ከኣ: ምስ ካልኦት ሰባት ጸንቢሮም ናብ ሲናይ ወሲደሞም:: ኣብ ሲናይ ምስ ኣተዉ ኸኣ: ንነፍስ ወከፎም ናይ $40,000 (ኣርብዓ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ): ምስ ናይ ህጻን ኣሕላም ደሚርካ ናይ ኣቦኣን ኣዲኣን ብድምር $120,000 (ሚእቲን ዕስራን ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ክኸፍሉ: ነዚ እንተዘይከፊሎም ግን ተቐቲሎም: ውሽጣዊ ኣካላት ሰውነቶም ክሸየጥ ምዃኑ ይንገሮም::

ኣብዚ ሞንጎ እዚ ግን ሜሮን እስቲፋኖስ ብናታ መርበብ ትራኸቦም እሞ: ምስ ኩለን መርበባት ናይ ኤውሮጳን ሃገራት ምዕራብን ዘለዋ ብምትሕብባር: ሓንቲ ጓል 8 ዓመት ህጻን ስድራ ቤታ ኣፈርክቡ ብዝብል ናብ ገዳርፍ እናተጓዕዙ እንከለዉ: ብሰራዊት ናይ ኤርትራ ተጨውዮም ናብ በደዊን ራሻይዳ ኣመሓላሊፎም: ብሰሪ እዚ ድማ ገንዘብ እንተዘይከፊሎም ኣብ ሓደጋ ኢዮም ዘለዉ ዝብል: ናይ በታ ኣብ ራድዮ ኤረና መደባት ግዳያት ስደት ኤርትራ ዝብል ሓሙስ ሓሙስ ኣብ እተቕርቦ መደብ: ምስ ህጻን ኣሕላም ተገይሩ ናይ ዝተባህለ ቃለ መሕትት ምስ መእተዊ ናይ'ቲ ልዕል ክብል ዝገለጽናዮ ብምትሕሓዝ: ናብ ኣየር ተፈንዩ:: ኣብ'ቲ ቃለ መሕትት: ህጻን ኣሕላም ተረጋጊኣ ኢያ እትዛረብ: ምኽንያቱ ነቲ ዝተዳለወ ድራማ ኣይበቕዓቶን: ንህጻን ኣሕላም ኣቦኣ ተባሂሉ ቃለ መሕትት ዝተኻየደሉ 'ውን እንተኾነ: ስሙ ኣይተሓበረን:: እታ ወላዲት ኣዲኣ ዝተባህለት ግን ብፍጹም ብድምጺ 'ውን ክትቀርብ ኣይከኣለትን:: እቲ ዘገርም: ናይ ምሉእ ግፍዕታት ተካይዱ ናይ ዝተባህለ ሓበሬታ: ቀቅድሚ ህጻን ኣሕላም ምዝራባ: ወያ ከም ጋዜጤኛ ኣቕሪባቶ ዝተባህለት ሜሮን እስቲፋኖስ ኢያ ነቲ ዘረባ ትመርሓ ዘላ: ቅዳሕ ናይ'ቲ ተኻይዱ ዝተባህለ ቃለ መሕትት 'ውን: ኣብ'ዚ እነህለ ቀሪቡ:-
https://www.youtube.com/watch?v=M3Hkx7dDT9k An 8 Year Old Eritrean girl Kidnapped Talk on the Phone with Eritrean jounalist

ድሕሪ'ዚ ናይ ቃለ መሕትት እዚ: ናብ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ኤርትራዊ ምዝርግሑ: ናይ ብሓቂ ሻቕሎት ፈጢሩ ጥራይ ዘይኮነ: ምስንባድ 'ውን ተራእዩ:: እዚ ምስ'ቲ ናይ በልጅም ሚስጢራዊ ኣኼባ ኣብ መርበባት ሓበሬታ ወጺኡ: ንመደባት ወያነ ምብርዓኑ ዝተኸሰተ ምስ ምዃኑ: ኣንፈት ናይ ኤርትራዊ ካብ'ቲ ዝተረኽበ ሚስጢር ናብ ካልእ ዘይተሰርዐ ኣጀንዳ ንምጥዋዩን: ከም 2ይ ዕላማ ድማ: ንመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ጸለሎ ጠቒንካ ምድዋኑን: ምስ'ቲ ኣብ ተቖጻጻሪት ኮሚቴ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኮሚቴ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላትን ዝግበር ዘሎ ምጽብጻብ: ነቲ እገዳ ንምትራሩን ዝዓለመ ኢዩ ነይሩ::

**ኣይዳ ኪዳነ ኣድሓይ**



ከም ናይ ምንጪ ኣታዊ ንምግልጋል ጥራይ ዘይኮነ: ከም ናይ ጭብጢ ሰነድ ንምቕራብ ተባሂሉ 'ውን: ንምፍታሕ ህጻን ኣሕላም ምስ ስድራ ቤታ ብዝብል መደብ ከኣ: ኣብ ሽወደን ብሓንቲ ኣይዳ ኪዳነ ኣድሓይ ዝተባህለት: ብስልኪ ቁጽሪ 0046739536171 እትጥቀም: ኣብ 70 ታት ናብ ሃገረ ሽወደን ዝኣተወት: ንኤርመያስ ደበሳይ (ፓፓዮ) ቀረባ ቤተ ሰቡ ዝኾነት: ኣብ 1979 ብናይ ኤናስኤ ጉዳይ ዝተፈጥረ ምስሕሓብ: ካብ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝተባረረት: ኣብ 1991 ድሕሪ ነጻነት ናብ ኤርትራ ኣትያ: ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ነጻ ኣገልግሎት ዝሃበት: ናይ ሜዲያ ኮሚኒኬሽን ትምህርቲ ዝወሰደት ኣይዳ ኪዳነ ኣድሓይ: ባዕላ እትዝውራ መርበ ሓበሬታ ዘላታን: ብስማ ኣብ ሽወደን ንምድሓን ህጻን ኣሕላም ዝብል መደብ ሓደ ናይ ሕሳብ ባንክ ማለት:-

1. Donation to:- Account holder, AIDA KIDANE Account number 8381-6,923357480-4 Bank name: Swed Bank IBAN SE 71 8000 0838 1692 3359

4804 Bank BIC/Swift SWEDESESS Bank Adsress:- Swedbank stora torget.Stora torget 3, Uppsala 75380 Uppsala Sweden If you prefer paypal, send donations to foviond.sweden@gmail.com

2. ኣብ ነርወይ 'ውን ነርወጃዊት (Linda Desiree Penzo) ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ: ሓደ ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ከም ዝኸፈት ተገይሩ::

x Desiree Penzo - Kragerø - Norway.

**Kontonummer: 2655.10.66273 Vi har mange som har gitt bort ting de ønsker å auksjonere bort til inntekt for Abraham. På auksjonssida finner dere objekter fra kunstnere og bedrifter som dere kan by på...**

**Account for donations in Norway are:** 2655.02.75.812

ናይ'ዛ ነርወጃዊት መንነትን ኣድራሻኣን: ኩለንትናዊ መበገሲ ዕላማ ስራሓታን ልዕል ክብል ተገሊጹ ኣሎ::

ኣብ ጀርመን: ዶክተር ዓሸያ ዝተባህለት ኤርትራዊት ስልኪ ቁጽራ:- 00491724555577

ኣብ ስዊዝ ብስልኪ ቁጽሪ:- 0041763249005

ኣብ ኢ.ታሊ. ብሮዚ (Rosy) ስልኪ ቁጽሪ:- 00393491293422

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣቢይ (Abby) ብዝብል ስም: ብስልኪ ቁጽሪ:- 0013212432666

ኣብ እስራኤል ብዲሎም ተስፋዝጊ ዝተባህለ ብስልኪ ቁጽር:- 00972547172928

ኣብ ግብጺ ብስልኪ ቁጽሪ:- 002086850152

መደባት ብከም'ዚ ምስ ተዋደደ ብመልክዕ ጸብጻብ: ብመንገዲ ናይ'ታ ኣብ በልጁም ዝመደበራ ሚርያም ቫን ራይዘን ዝተባህለት ነዘርላንዳዊት: ናይ European External Policy Advisors (EEPA) ዝተባህለ NGO ኣካያዲት ስራሕ ኣቢሉን: ብመንገዲ ነርወጃዊት ሊንዳ ደዚረ ፐንዞን: ናይ ኤርትራዊ ሓልዮት ንሰብኣዊ መሰላት:- ዋና ጸሓፊት ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን) ንማርቲን ሂል ኣብ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ተኪኡ ዘሎ: ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተጸዋዕን ኣቢሉ: ናይዞም ኩሎም ኣስማቶምን ስልኪ ቁጽሮምን ተዘርዚሩ ዘሎ ቃለ መሕትትን ቃለ ምስክርነትን ተገይሩሉ: ነቲ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ዝጸዓን ዘሎ ወጥሪ ንምትራሩን: ነቲ ዝተስገደደ እገዳ

ዝያዳ ንምኽራሩን ተባሂሉ: ብመሓላ ተደጊፉ ንምቕራቡ ዝግበር ዘሎ ተዋስኦ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ጥራይ: ኣስታት ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ዶላር ካብ ተደናገጽቲ ገንዘብ ኣኪቡ ኣሎ::

እቲ መስርሕ በዚ ኣየብቅዐን:: መጭወይቲ ኣሕላም ንባዕሉ ሕቶታት እናልዓለ ኣብ ዝመጻሉ ዘሎ ወቕቲ 'ውን: ሓደ ወረ ኢዩ ክናፈስ ተማሂዙ:: ንሱ ኸኣ 4 ህጻናት ካብ ከተማ ኣስመራ: ገዛ ባንዳ ጥልያን ተጨውዮም: ናብ በደዊን ራሻይዳ ተመሓላሊፎም ዝብል ኢዩ:: ነዚ ኸኣ መንግስቲ ኤርትራ ጸጥታዊ ዓቕሙ ድኹም ብምዃኑ ብምምዝማዝ: ጨወይቲ ካብ ማእከል ኣስመራ ነዞም ህጻናት ክጨውዩዎም ኪኢሎም: ምኽንያቱ መንግስቲ ኤርትራ ነተን ናብ ፎርቶ ዝተሰቕላ ታንክታት: ካብ ጸሮና ተበጊሰን ክሳብ ሚኒስትሪ ዜና ፎርቶ ዝበጽሓ ክከታተል ዘይምኽኣሉ: ሎሚ ከም ትማሊ ናይ ጸጥታዊ ዓቕሙ ምቁጽጻር ሓይሉ ስለ ዝተዳኸመ ኢዩ: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ካብ ሕምብርቲ ከተማ ኣስመራ ሎሚ መጭወይቲ ህጻናት ተጀሚሩ ዘሎ:: እዚ ኸኣ ንበደዊን ራሻይዳ ዓቢ ዕዳጋ ኢዩ ክኸዉን: ካብ ሕጂ ንነጀው ከኣ ህጻናት ጥራይ ኢዮም ክጨውዩ: ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ግዳይ እዚ ክድሕን እንተኾይኑ ኸኣ: እቲ እንኮ ፍታሕ ስርዓት ህግደፍ ክእለ ኣለዎ ዝብል ጎስጓስ ኢዩ: ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ህዝብን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዝንዛሕ ዘሎ ፕሮፖጋንዳ ኢዩ እዚ::

## ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን) ምስ ሓሰን ዳራር ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ጅቡቲ



ነዚ ንምርጓድ ተባሂሉ ከኣ: ናይ'ቲ ብመንገዲ ድፌኢት ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ዝቖመ ኤርትራዊ ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት (Human Right Concern Eritrean) ዝተባህለ ማሕበር ጸሓፊቱ ዝኾነት ኤልሳ ገረሱስ ጭሩም (ጓል ፈትየን): ናብ ሃገረ ጁብቲ ዑደት ብምግባር: ነቶም ካብ ኤርትራ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ጁቡቲ ዝሰገሩ ኤርትራውያን: ብሓገዝ መንግስቲ ጁቡቲ ብምጥርናፍ: ሓደ ዓቢ ጎስጓስ ብምክያድ ካብ ጁቡቲ ዝብገስ: ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ተጻብኦ ንምውዳብን ንምውዳድን: ካብ ዕለት 24-03-2013 ክሳብ ዕለት 02-04-2013 ኣብ ጁቡቲ ብምጽናሕ: ነቶም መንእሰያት ሰፋሕቲ ኣኼባታት ብምክያድን: ናብቲ ንሳ እትቆጻጸሮ ፓል-ቶክ: ነቶም መንእሰያት ብምቕራብ: ሰፊሕ ናይ ፕሮፖጋንዳ ዘመተ ብምክያድ: ነቶም ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ናብ ጁቡቲ ኢዶም ዝሃቡ እሞ: መንግስቲ ጁቡቲ ንጸጥታይ የስግኡኒ ኢዮም ብማለት ብዘሰቅቕ መንገዲ ኣሲሩዎም ናይ ዘሎ 267 ዝብዝሖም ኤርትራውያን ዜጋታት: ናብ'ቲ ተኣሲሮምሉ ዘለዉ ቦታ ከይዳ ንኽትበጽሖም: መንግስቲ ጁቡቲ ፈቒዱላ ተራኺባቶም:: ብዘይካ ነዚኣቶም ን19 ከም ምሩኻት ኲናት ኤርትራ ኣብ ጁቡቲ ተባሂሎም ዝጥቀሱ እሞ: መንግስቲ ኤርትራ ኪሒድዎም ኣሎ ናይ ዝተባህሉ ወትሃደራት ኤርትራ ናይ ዝገበረቶ ቃለ መሕትትን ቪድዮን ብምልዓል: ሓደ ተወሳኺ ነውጺ ብምፍጣር ነቲ ናይ በልጅም ሚስጢራዊ ኣኼባ ኣቃልቦ ንኽይረክብ ዝሕልን: መደብ ውጥን ስራሕ ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን: ኣብ Avenue Louise 149, 1059 Brussels, Belgium, ዝመደበሩ International Crisis Group (ICG) ዝተባህለ ትካል ናይ ዘቕረቦ ጻብጻብ 'ውን: ዝህልዎ ተዛማድነትን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እንታይ ይሕሰብ ከም ዘሎ ንምንጻርን: ነዚ ዝገትእ ንሕና ኤርትራውያን እንውንኖ ስትራተጂ ንምሕንጻጽ ንኽጠቅም: ኣቓዲሙ መረዳእታ ከም ዘድሊ ኢዩ ዘነጽር::

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ንህጻን ኣሕላም ንምድሓን ዝተዋህበ ግዜ ሓጺር ክነሱ: በቲ ዝተገደበላ ግዜ ኣብ ሓደጋ ከይወደቀት: ንነዊሕ ጸኒሓ ጥራይ ዘይኮነ: ብመሰረት ደረስቲ ናይ'ቲ ድራማ: እቲ ገንዘብ ልዕሊ እቲ ዝተጠልቦ ዓቐን ገንዘብ ተኣኪቡ ክነሱ: ብወግዒ ልክዕ ከም'ቲ ብድምጺ ተቐሪጹ ዝተዘርገሐ ናይ ሃልኪ ቃለ መሕትት ኣይተኻየደን:: ብኣንጻር እዚ ግን: ናይ'ታ ነርስ

ምኽና ዝተፈልጠት: ብመንገዲ በዓል ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ: ናብ ሲናይ ዝተላእከት ነርወጃዊት: ኣብ ሓደ ናይ እስራኤል ጋዜጣ: ኣብ 2012 ስማ ሰፊሩ ዝነበረ ዓል 31 ዓመት ነርወጃዊት ነርስ ኢንኽፍለድ ሰልፊክ (Ingvild Selvik): ብዕለት 26-03-2013 ብበደዊን ተጨውያ ድሕሪ ምጽናሕ: ብመንገዲ ጻዕሪ ኣምባሳደር ነርወይ ኣብ ግብጺ ክትፍታሕ ኪኢላ ዝብል ዜና ተዘርጊሑ::

(Ingvild Selvik) **ኢንኽፊልድ ሰልፊክ**



ኢንኽፊልድ ሰልፊክ ነርወጃዊት ኮይና ስራሓ ነርስ ኢዩ:: ድሕሪ ናይ ህጻን ኣሕላም ናይ ድራማ ፍጻሜ: ህጻን ኣሕላም እዚ ኹሉ ጎስጓስ ተኻዩሉ: ንስራሕ መንግስቲ ኤርትራ ተኪኡ ክሰርሕ ዝፈተነ ሰንሰለታዊ ምትእስሳር ናይዞም እንጣበቅ ኢና ዝብሉ ጉጅለታትን: ተዋጺኡ ናይ ዝተባህለ ኣስታት ፊርቂ ሚልዮን ዶላር ኣሜርካ ገንዘብን: ካብ ተጨውያትሉ ዝተባህለት ሲናይ ብንጡፍ ሱታፌ ኣምባሳደር ነርወይ ኣብ ግብጺ ክትልቀቕ ተኻኢላ ተባሂሉ ዝዝረበላ ዘሎ: ንምኽኑ እዛ ስርሓ ነርስ ምኽኑ ዝንገረላ ዘሎ ነርወጃዊት: ናይ ብሓቂ ዲያ ተጨውያ ነይራ?

ኣብ'ዚ ነጥቢ ሓደ ዘየሰማምዕ ጉዳይ ኣሎ:: ብፍላይ ምስ ድራማ ተዋስአ ህጻን ኣሕላምን: ተጠቃሲት ነርወጃዊት ስርሓ ነርስ ምስ ምኽኑ: ኣብ'ቲ ናይ ሲናይ ዝግበር ናይ መጥባሕቲ መሸጣ ሰብነት ኣካላት ደቂ ሰባት: ስርሓ ወዲኣ ትምለስ ከይትህሉ ምስ ዝብል ጽንጽንታን: ዝሰማምዕ ነጥብታት ይቀላቐል ኣሎ:: ብፍላይ ምስ'ቲ ነቲ ኣብ ሲናይ ዝግበር እከይ ተግባር: ንመንግስቲ ህዝብን ኤርትራ ንምድዋን ተባሂሉ: ኣብ ዝመጸአ ዘሎ ክውንነት ዝተዛመደ ኢዩ::

ነዚ ኣብ ሲናይ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ዝያዳ ንምርጓድን: ንመንግስቲ ኤርትራ የእዳዉ ንምቕርሳምን ተባሂሉ 'ውን: ሓደ ዘስደምም ፊልም ተሰሪሑ ኢዩ:: እቲ ፊልም ማለት:- ቪዲዮ ኪሊፕ ኣብ ሃገረ ሱዳን ከሰላ ሪከርድ ኮይኑ ዝተቐድሐ ቪድዮ ኮይኑ: ኣብ ከሰላ ዱርሳ ዝተባህለ ቦታ ኮምፕዩተር IP Address ተቐዲሑ: ናብ ኢትዮጵያ ሸዋ ኣዲስ ኣበባ ተላኢኹ: ብ youtube ኣቢሉ ናብ መላእ ዓለም ከም ዝዝርጋሕ ኮይኑ: ትሕዝቶ ናይ ዝተቐድሐ ሪከርድ ቪድዮ ኪሊፕ: ዘብራ ዝዓይነቱ ረንጀር ወትሃደራዊ ክዳን ዝለበሱ ሰለስተ ናይ ዓረብ መልክዕ ዘለዎም ሰባትን: 4 ናይ ዓረብ ቀሚሽ ዝወደዩ ዝርከብዎም: ኣብ ሓደ ገፊሕ ኣዳራሽ ክልተ ካላሽን ኣብ መንደቕ ኣቐሚጦም: ንኽልተ ብሄሊኮፕተር ብዝበሃል ኣተኣሳስራ ዝተኣሰሩ ሰባት: በብእብረ እናገረፍዎም እንከለዉ: ብስቅያት እንዳተሳቐዩ የርኢ:: ነዚ ዝተዓዘበ ሰብ ከይመመየ ስሚዒታዊ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ኣይብልን:: ነዚ ተግባር እዚ ኸኣ: ኣብ ዝኾነ መግለጺ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ኢድ ኣለዎ ስለ ዝብሃል: ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንህዝቢ ንምርስሳን: ዓቢ ባብ ዝኸፍት ሓደገኛ ተግባር ኢዩ:: ምንጪ ናይ መወዳእታ ዝርገሐ ናይ ቪድዮ ኪሊፕ ኢትዮጵያ ምስ ምኽኑ ኸኣ: ነቲ ጉዳይ ኣንጻር ኤርትራ ናይ ምቕናዕ ጉዳይ: ዕላምኡ እንታይ ምኽኑ ንምፍላጥ ዘጸግም ኣይኮነን:: ብኸመይ ይፍታሕ ንዝብል መንገዲ ኸኣ: ህዝቢ ኤርትራ ናይ ሓባር ውጥን ኣውጺኡ ክገጥሞ ዘለዎ ፍጻሜ ኢዩ::

ብዘይካ እዚ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰባት: ኣብ ዓዲ ጥልያን ዝመደበራ ኣልጋነሽ ፍስሃ ጋንዲ 'ውን: ብመንገዳ ሰባት ንምፍታሕ ከም ዝሰርሐትን: ነቶም ሰባት ንምፍታሕን ንምልቃቕን: በቲ ናታ ንሳ እትውንኖ ማሕበር: ናይ ገንዘብ ምእካብን ጥርናፌን ብምግባር: ምስ ኣባ ሙሴ ዝተባህለ ቀሺ ብሓባር ናይ ዝሰርሓሉን: ኩሉ መደባት ኣጻፊፎም ናብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክሲ ብብምስራት: ንሓንቲ እናቴ ዓዘት ኪዳነ ዝተባህላ መነኩሴ ናይ ካቶሊክ ዝኾና ኤርትራዊት

ብፍሉይ ኣቓልቦ: ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከም ዝቐርቡ ብምግባር: ንእናቴ ዓዘዘት ኪዳነ ብጉዳይ ናይ ሲናይ ዘካየደኦ ግብረሰናይ ስራሓት ተሸላሚት ብምግባር: ናይ'ቲ ጉዳይ መን ኢዩ ተሓታቲ? ብዝብል ሎቢ: ተሓታትነቱ መንግስቲ ኤርትራ ምዃኑ ብምቕራብ: ብመንገዲ ጸሓፊት ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ሂላሪ ኪሊንተን: ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣባቒት ተባሂለን ሽልማት ከም ዝረኽባ ተገይሩ:: ናይ'ቲ ንሰንን መሳርሕተንን ሰሪሖሞ ናይ ዝተባህለ ሲናይ ኩነታትን ጉዕዞ ጎላጉል ሰሃራን: ሊብያን ሳዕቤናቱን: ናብ ተቆጻጻሪት ኮሚቴ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዝመሓላለፍ ኢዩ ተገይሩ::

## ብምውጻእ ገንዘብ ካብ ግፍዓዊ ዓመጽ መግረፍቲ ዝደሓነት ጓል

Written by ስቨንስካ ዳግብላደት ( Svenska Dagbladet)

ካብ መዓልታዊ ጋዜጣ ሽወደን ስቨንስካ ዳግብላደት ( SvD lördag 30 mars 2013) ዝተተርጎመ። ጓል ሸመንተ ዓምትያ፣ ብኣብ ሽወደን ዝተገብረ ምውህሃድ ካብ ኣህጉራዊ ምውጻእ ገንዘብ ብዝተገብረ ካብ ኣብ ግብጺ ዝርከብ መደበር ግፍዕን ዓመጽን ተኸፊሉላ ወጺኣ ኣላ። መደበር ግፍዕን ዓመጽን ልክዕ ኣብዚ እዋንዚ ከም ዓቢ ኢንዱስትሪ ኮይኑ ንግዳያቱ ብደረኛ ኣሽሓት ኣኽፊሉ መዘና ዘይብሉ መከራ ዝካየደሉ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ኣሎ።

ድሕሪ ምልቃቕ ኣሕላም ካብዚ ሕሱም መደበር ብሓጎስ ትዘልል ከምዝነበረት ኤርትራዊት ሽወደናዊት ናይ ረድዮ ጋዘጠኛ መሮን እስቲፋኖስ ምስ ኣቦ ኣህላም ብተለፎን ኣብ ዝገበረቶ ምዝርራብ ክትፈልጥ ኪኢላ ኣላ። እቲ ዝርርቦም ካብ ስቶኮሆልም ረድዮ ተተ ተኻፊሉሉ ዝነበረ ኮይኑ ጨወይትን ስድራ ቤትን ዝተኸፍለ ገንዘብ ድሕሪ ናይ ክልተ ወርሕን ፈረቓን ማእሰርቲ ምልቓቖምን ዝተፈጸምሉ ህሞት ነይሩ።

ቅድሚ ክልተ ሰሙን ካልእ መቓልሕዩ ነይሩ። በታ ኣብ ስደት ትርከብ ሳተላይት ረድዮ ኣረና ዝገበርቶ ዝርርብ ኣብ ዩቱብ ዝተቐድሐ ኣህላም ምስቲ ወጫጪ እህህተኣ ካብቲ መደበር ግፍዒ ድምጻ ኣስሚዑ። ክሳብ ሰንበት ገንዘብ ኣንተዘይመጺኡ ክሸጡናዮም ዝብል ድምጻ። ከምኡ ምባሎም ኣፍሪሁኒ ብምብካየይ ከኣ ሃሪሞሙኒ። ኣብታ መዓልቲ ክልተ ዝመቱ ኣወዳት ርእያ። ክሳብ ሕጂ ብኾቦርታ ተሸፊኖም ኣብዚ ገዛ ኣለው ምሳና ብምባል ኣህላም ቃንዛ ዛንታኣ ብምቕጻል ኣዲኣ ብኤለክትሪካዊ ሓዊ ክትቃጸል ከላ ንዕስራን ኣርባዕተን ሰዓት በኽያን ነቢዓንያ ኢሉ ይገልጻ ኣቦኣ። እዚ ዛንታ ኣብ ከባቢ ዓለም ንዝርከቡ ኢርትራውያን ልቦም ዝወግእ ነይሩ። እቶም ስድራ ቤት 20,000 ዶላር ኣመሪካ ኣኪቦም ነይሮምዮም፣ ጨወይቶም ግን ዕጽፊ ጠሊቦም። ብቕጽበት ከኣ ምእካብ ገንዘብ ጀሚሩ። ሹዱሽተ ደቀንስቶ ነርና። ነርወይ፣ ሽወደን፣ ኣመርካ፣ ጀርመን፣ ዓባይ ብሪጣንያን ጥልያንን ወካሊት ካብ ሽወደን ኡፕሳላ ኣይዳ ኪዳነ ትብል መሮን እስቲፋኖስ።

ቀሊጢፈን ነቲ ገንዘብ ረኺበነኦ። ነቲ ርክብ ኣብ መንጎታ ስድራን ጨወይትን ሜሮን እስቲፋኖስያ ኣካይዳቶ። ንኹነታት ናይቲ መደበር ግፍዓ ኸኣ ንንዊሕ ዓምታትያ ኣጽኒዓቶ። መዓልታዊ ርክብ ኣብ መንጎ ዘረፍትን ግዳያቶምን ብምግባር ንቡዙሓት ስድራ ቤታት ኣራኻቢት ድልድል ኮይና ጸኒሓያ።

ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራትን ማሕበራት ሰብኣዊ መሰላትን ዝተጸንዐ ቦታ ዓመጽ ብደርጃ ኢንዱስትሪ ምዃኑዮም ዝሰማምዑሉ ነዚ ቦታ። መብዛሕትኡ ግዜ ኤርትራውያን ካብ ድኽነትን

ጭቆናን ንምምላጥ መብዝሕትኡ ግዜ ከም ስድራ ኣህላም ንሱዳንዮም ዝዝረፉ። ብሕጊ ኣብ ዘይምእዛዙ በደዊን ምድረበዳ ሲናይ ከኣ ይሸየጡሞ ንግዳያቶም እናጋፍዑን ኣካላውን ስነኣእምራውን ስቓይን ተጠቒሞም ናብ ኣብ ዓለም ዝርከቡ ናይ እሱራቶም ኣዝማድ ብምድዋል ክሳብ 50,000 ዶላር የኽፍልዎም። ክልቲኦም ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝውቱር ጾታዊ ዓመጽ ይወርዶም። እቲ ኻልእ ዝውቱር ኣገባብ ግፍዒ ዝመሸሽ ፕላስቲክ ኣብ ኣካላት እሱራት ምፍሳስዩ።

መሮን እስቲፋኖስ እዚ ገንዘብ ንዘረፍቲ ዘሐይልን ዘርብሕን ምዃኑ ትኣምን። እንተኾነ ወደይ ብዓምጽ እናተጋገሱን ብግፍዒ እናቐጥቀጡን እንተደዊሎሙለይ ክሳብ ሚልዮንውን ይኹን ምኽፈልኩ። ምርጫ የለን። እዚ ካብ 2006 ኣትሒዙ ክኸይድ ዝጸንሐዩ፡ ገለ ዝገብር ግን የለን። ስድራ ቤት ኣህላም ኣብ ግብጺ ኣብ ኢድ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ሓላፊ ጉዳይ ስደተኛታት ይርከቡ ኣለው። እቶም ገና ኣብቲ ሰፈር ዓመጽ ዝርከቡ ኸኣ እንትኺኢሎምሲ ገና ንሂወቶም ይቃለሱ ኣለው። ሓደ መዓልቲ ኣቐዲሙ ክልተ ደቀንስትዮ ዓሰርተ ሸሞንትን ዓሰርተ ትሽዓተን ዝዕድሚአን ብዝወረደን ምቕጥቃጥ ኣካላተን ኣብቲ ቦታ ሞይተን።

ኤርትራውያን ኣብ መገዲ ስደቶምዮም ዝጭወዩ:-

ብመሰረት ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት ብኤርትራዊ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ሓላፊ ወይ ድማ ብሕቡእ ሰባት ብዘተሓላልፉ ይጭወዩ። ንራሻይዳ ኣብ ሱዳን ከኣ ይሸየጡን ብድሕሪኡ ኸኣ ንኣብ ግብጺ ዝርከቡ በደዊን። ብዙሓት ካብ መሳፍሮ ስደተኛታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ይዝረፉ። ኣቐድም ኣቢሉ እቲ ልሙድ መገዲ ንምዕራብ ብስሜን ኣፍሪቃ ብልዕሊ ማእከላይ ባሕሪዩ ነይሩ። ካብ 2008/2009 ግን ጥልያንን ልብያን ጠጠው ከብልኦ ምስ ተሰማማዓ እቲ መገዲ ጸንኪሩ። ዘይምርግጋእ ናይ ዓረብ ጽድያ ውን ነቲ ኻልእ መገዲ ቱኑዝያ ከምኡ።

ብመሰረት ውድብ ሰብኣዊ መሰላት PHR ን HMW ኣብ እስራኤል ካብቶም 5000 ኣብ እስራኤል ዝበጽሑ ኤርትራውያን 4000 ዝኾኑ ሞይቶም ዝብል ጸብጻብ ኣለዎም። ናይ ዓርብ ጽድያ ንግብጺ ካልእ ተወሳኺ ምኽንያትዩ። ጸጥታዊ ሓይልታታ ንመደበር ዓመጸኛታት ሲናይ ግምት ዘይምሃብ።

ድሕሪ'ዚ ናይ ጋዜጣ ህቦብላዊ ጽሑፍ እዚ: ሜሮን እስቲፋኖስ ኣብ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ጣና ናይ ዝተኻየደ ንሰብኣዊ መሰል ዝምልከት ዋዕለ መራሕቲ ሃገራትን: ፍሉጣት ኣገደስቲ ሰባት ዝተሳተፍዎ ዋዕላ: ከም ኤርትራዊት ጋዜጤኛ ተባሂላ ተዓዲማ ከም እትሳተፍን: ነቲ ኣቐዲሙ ዝተደርሰ ድራማ ከም እተቃልሕን ተገይሩ:: ንምዃኑ ሜሮን እስቲፋኖስ ኣበየናይ ቤት ትምንህርቲ ኢያ ናይ ጋዜጤኝነት ትምህርቲ ይኹን ኮርስ ወሲዳ:: ነዚ ዘረጋግጽ ሰነዳት 'ውን: የብላን:: ኮይኑ ግን እቲ ህድግለነ ዘይብሉ ወፍሪ ጸለመ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ በሪኹ: ኤርትራ ክትምርከኽ ስለ ዘለዋ: ዳግማይ ሜሮን እስቲፋኖስ በተን ኣቀናጀውቲ ናይ NGO ትካላት ሰፊሕ ዕድመ ተገይሩላ: ኣብ'ቲ ኣብ ነርወይ ዝተቓንዐ ዋዓል ጸብጻባ ንምቕራብ: ብመንገዲ (Linda Desiree Penzo) ሊንዳ ደዚረ ፐንዞ ፍሉይ ዕድመን ምድላውን ተገይሩላ: ሰፊሕ መግለጺ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣካይዳ::

6 ይ ክፋል ይቕጽል:-

ጉዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!

gdusattsenatsenti@gmail.com